# ንፓስፖርት ዝምልከት ዘድልዩ ቅጥዕታትን ዋጋታትን

## ፓስፖርት ንምውጻእ ዘድሊ ቅጥዕታት

- ፓስፖርት ንምሕታት ናብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ቆንስላዊ ጉዳያት ብኣካል ብቐጻራ ይመጽእ።
- ኣብ ፓስፖርት ኪዉሰኹ ዝሕተተሎም ተሰነይቲ ትሕቲ 10 ዕድመ'ውን ብኣካል ይቐርቡ። ኣብ ሓደ ፓስፖርት ካብ 3 ተሰነይቲ ንላዕሊ ምውሳኽ ኣይፍቀድን።
- ወለዶም ዜግነታዊ ወረቐት መንነት ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ፓስፖርት ኣይፍቀዶምን።
- ፓስፖርት ዘውጽእ ብቆጸራ ይመጽእ፡ ዝኸፈሎ ገንዘብ ኣብ ሕሳብና ምስ ኣተወ ጥራይ ፎርም ይመልእ።

## ዝጥለቡ ሰነዳት

- ኤርትራዊ ወረቐት መንነት original ከምኡ'ውን ቅዳሕ፡
- Person bevis ካብ ስካተቨርከት (Skatteverket)፡
- ቅዳሕ ፓስፖርት ሽወደን፡ ወይ ዜጋ ከጥቀመሉ ዝጸንሐ ናይ ኤርትራ ፓስፖርት የቕርብ፡
- ስእሊ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ስቱዲዮ ዝተሳእለ ኣርባዕተ (35 x 45 mm) ዓቐን ዘለዎ ኮይኑ፡ ብቐጥታ ናብ ካሜራ ዝጠመተን ምሉእ ገጽን እዝንኻ ዘርኢ፡ ምስሓቕ ኣይፍቀድን እዩ፡
- ኣብ ፓስፖርት ዝውሰኹ ትሕተ-ዕድመ Familj person bevis ካብ ስካተቨርከት (Skatteverket)፡ ንነብስ-ወከፎም ኣርባዕተ (35 x 45 mm) ናይ ፓስፖርት ዓቐን ዘለዎ ስእልን የድሊ፡
- ክፍሊት ፓስፖርት ሰለስተ መዓልቲ ቅድሚ ቖጸራ ይኸፈል። ዝኸፈለሉ ቅብሊት ኣብ ቖጸራ የቕርብ፡
- ግቡኣት መሕወይ ግብሪን ካልእን ናይ 2017 ኪማላእ ኣለዎ፡
- ፓስፖርት ዘጥፍኣ መረጋገጺ ሰነድ ካብ ፖሊስ የቕርብ፡ ከምዘጥፍአ ኣብ ኤምባሲ ይምዝገብ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት መተካእታ ፓስፖርት ይሓትት፡
- ስም፡ ዕለት ልደት፡ ቦታ ልደትን ፊደላትን ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን፡

| ዓይነት ኣገልግሎት | ዓበይቲ | ትሕቲ ዕድመ (18 ዓመት) | ዋጋ መልኣኺ ፖስታ * |
|---|---|---|---|
| ሓድሽ ፓስፖርት ወይ መተካእታ ንዝወደቐ ፓስፖርት | 1 900 SEK | 1 450 SEK | 100 SEK |
| መተካእታ ንዝጠፍኣ ፓስፖርት | 2 350 SEK | 1 900 SEK | 100 SEK |
| ምስ ወላዲ ኣብ ፓስፖርት ዝኣትዉ ተሰነይቲ | 300 SEK ንሓደ ቆልዓ | | |

** ሰነዳቶም ብኣካል መጺኦም ክወስዱ ንዘይክእሉ፡ መልኣኺ ፖስታ ዝኸፈል።*

## ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ

| ሃገር | ቁጽሪ ሕሳብ |
|---|---|
| ሽወደን | Nordea Plusgiro no. 17 25 69-6 |
| ኖርወይ | Nordea Bank-IBAN No. SE74 9500 0099 6026 0172 5696 |
| ደንማርክ | Nordea Bank-IBAN No. SE74 9500 0099 6026 0172 5696 |
| ፊንላንድ | Nordea Bank-IBAN No. SE74 9500 0099 6026 0172 5696 |